Habilitering & Hälsa ሕቶታት ብዛዕባ ዓመጽ

ኣብ ዞባ ቬስትራ ዮታላንድ፡ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ንሕሙማቱ ብዛዕባ ኣብ ቤቶም ዓመጽ ናይ ቀረባ መጻምድቲ እንተሎ ሕቶታት የቕርብሎም'ዩ። እዚ ካኣ ናይ ዓመጽ ተመኩሮታት ኣብ ሓጺርን ነዊሕን ግዜ ንጥዕናና ክጸልዎ ስለ ዝኽእል እዩ። ንሕሙማት ሕቶታት ብስሩዕ ብምሕታት፡ እቲ ስርዓተ ክንክን ጥዕና፡ ተመኩሮ ዓመጽ ዘለዎም ሕሙማት እንተሊዮሞም ንምልላይን ኣድላዪ ምስዝኾውን ድማ ነቲ ሕሙም ናይ ሓለዋ፡ ደገፍ ወይ ሕክምና ንምሃብ ጽቡቕ ዕድል ይህልዎ።

ኣብ Habilitering & Hälsa ምስ ሕሙማትና ጥቡቕ ርክብ ብምግባር ብዛዕባ ዓመጽ ናይ ቀረባ መጻምድቲ ሕቶታት ንሓትት። እቶም ሕቶታት ኩሉ ግዜ ነቲ ሕሙም ብውልቂ ይቀርብሉ። ብመጀመሪታ እቲ ሕሙም ባዕሉ ወይ ብደገፍ ሰራሕተኛታት ዝመልኦ ደረጅኡ ዝሓለወ መሕተቲ ጽሑፍ ኢና ንጅምር። እቲ ሕሙም ነቲ መሕትት ምስ መልኦ፡ ነቶም መልስታት ምስ ሰራሕተኛታት ብሓባር ኮይኖም ይከታተልዎ። እቶም ሕቶታት መብዛሕትኡ ግዜ ዝቀርቡ እቲ ሕሙም ናብ Habilitering & Hälsa ኣብ ዝገብሮ ናይ መጀመርታ ምብጻሕን፡ ከምኡውን ኣብ ናይ ህጽናት ዕድመ ምክትታል ኣብ ዝግበር ግዜ እዩ።

ንሕሙማት ዘሰንዩ ኣለይቲ እውን ሕቶታት ክምልሱ ዕድል ይወሃቦም እዩ፡ እንተኾነ ግን እቲ ውጽኢት ናይቲ መሕትት ኣብቲ ምብጻሕ ኣይቀርብን እዩ። ኣድላዪ ምስዝኾውን፡ ንውጽኢት ናይቲ መሕትት ብዝምልከት ካብቶም ኣለይቲ ይርከብ እዩ።
ነቲ ሕቶታት ምምላስ ብወለንታ ዝግበር እዩ።

ኩሎም ብሞያኦም ምስ ዓበይትን ህጻናትን ዝራኸቡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ጸብጻብ ናይ ምሃብ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ህጻን ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ይጉዳእ ከምዘሎ እንተፈሊጥና ወይ እንተጠርጢርና ንማሕበራዊ ኣገልግሎት ክንሕብር ግዴታ ኣለና። ሽዑ እቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቲ ኩነታትን ነቲ ህጻን ዘድሊ ደገፍ ምርምራ የካይድ። እዚ ድማ እቲ ቆልዓን ወለዱን /ኣላይቱን ኣድላዪ እንተኾይኑ ሓለዋ፣ ደገፍን ሓገዝን ክረኽቡ ይኽእሉ ።

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN